ካብዝን ካብትን!

Mekonen Anteray/መኮነን ዓንተራይ

02/12/2016

[ካብዚ ንንዮ ከምቲ ኣቦታትና ዝብልዎ፡ "ሞት ከም ኣዳም" ኣማኑኤል ሃብተ]

ዛዓባ ሎሚ ከምቲ ኣርእስቲ ዝእምቶ ብዙሕ ቅንጥብጣባት ዝሓዘ እዩ ክኸውን። ብኸምኡ እየ ከኣ ካብዝን ካብትን ኣብትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ክኸውን ዝመረጽኩ። ሓቂ ይሓዪሽ መጀመርያ'ኳ፡ "ሕጂ ሞት ከም ኣዳም" 'ዶ በልካ! ኣብትሕቲ ዝብል ቁሩብ ገጻት ጽሒፈ ነይረ። ተናስሑ እንዳበልካ ምሕሳው ጽቡቅ ኣይኮነን።

እንተኾነ ናብ ሐደ ሰብ ዘተኮረን መጥቃዕትን ክመስል ይኽእል እዩ፡ ዝብሉ መዓዶ ስለዝረኸብኩ፡ ኣርእስቲ ቀይረ። ንኣቶ ኣማኒኤል ሃብተ ኣይፈላጦን እየ። ንመጀመርያ ግዜ ድማ ብስእሉ ኣብቲ ኣብ መስከረም ብተኸታታሊ ዘውጸኦ ኢየ፡ ተላልየዮ። ሌላ ብስእልን ብትሕዝቶ መልእኽቱን። ነቲ መልእኽቱ ክግደሰሉ ግድን እዩ።

ምኽንያቱ ኣቐድም ኣቢለ ኣብ 'ዝሓንጠጥክዎ'፡ ንካድረታት ወቒሰ ስለዝነበርኩ። እንታይ'ኮን ክብልዩ? ኢለን ተሃንጥየን እውን ተኸታቲለዮ። ንመጀመርያ ግዜ ኣብ ዩቱብ ብድምጺ ዝተቀርጸ ተገዲስን ንገሊኣቱ ደጋጊመን ዝሰማዕክዎ ናቱ እዩ።

እቲ ታሪኽ ብምሕጻሩን ዳርጋ ቀለዓለማዊ ኣቀራርባ ስለዝገበሮን እኳ ባህ እንተዘይበለኒ፡ እተን ዝርካበን 10 ክፋላት፡ (መበል 11 ክትቅጽል እያ ኢሉ ኣሎ) ምስቲ ግዜይ ዝሰማማዓ መቓቂሉን ኣሕጽር ኣቢሉ ስለዘቕረቦ ክነኣድ ይግበኦ።

ርግጸኛ ኮይነ ክእምት ዝደሊ ግን ነዘን ዝሓተመን፡ እቶም መዘናታቱ ካድረታት ክሰምዕወን ኣይክደልዩን እዮም። እምበሺ ዘከሻምሽዎን፡ ዝጠራጠሩን እንታይኮን ደልዩ? ወይ ኣብ ውሽጥና ደኾን ተጸፊዩ ነይሩ ይኸውን? ዝብሉ ክብዝሑ እዮም። ካብቲ ሕሜታ ዝኸፍአ ባዕላዊ ግምታትን ወቐሳታትን ቤላቤለውን ከዝንብሉ ወይ ከነውርዎ ክፍትኑ እዮም።  ናይቶም ካድረታት ልምዲ ጥራይ ዘይኮነ ከም ባህሎም ዘማዕበልዎን ኣጸቢቖም ዝመለኽዎን ተግባር ስለዝኾነን፡ እዚ ዘይተርፍን ግድንን እዩ።

ኣነስ ዘይ ብዛዕባ'ቲ ገና ክገብርዎ ድዮም ኣይክገብርዎን ዘይተረጋገጸ እኳ እየ ኣቀዲመ ዝትንበ ዘለኹ። ጠቀነ፡ ግምታት (ትንቢት) ፡ ሕሜታ፡ ቤላቤለው፡  ሓሶት፡ ልኽበጣ፡ ምልኻዕ፡ ምጥቛስ፡ ጥንቆላ፡ ፍወሳ፡....ወዘተ ኣሉታዊያን ቃላት እኳ እንተኾኑ ኣብ ፖለቲካ ግን ይምዝመዙ እዮም። እንተስ ንርብሓኻ፡ እንተስ ንረብሓ ካልኦት።

ሕጂ ብዛዕባ እቲ ደቂቕን ዝርዝር ትሕዝቶኡ ኣይኮነን ዘገድስ። ንሱ ነቶም ቃላትን ትሕዝቶን ናይ ምትርጓም ዓቅሚን ክእለትን ኣሎና ዝብሉ፡ ነቶም ሊቃውንቲ ንግደፈሎም።

ዋላ'ኳ ብጩቕ ከምዘይብሉ ኣረጋጊጸ እፈልጥ እንተኾንኩ፡ ነቶም ሊቃውንቲ ኩሉግዜ ቦታ ምስ

ሓዛእኩሎም እየ። ኦይ! 'እንድዒ'ኸ' ኣብ ገለ ዘይራእኽዎ፡ ኣብቲ ደንቢኦም፡ ንክትኣትዎ ግንብንብ ዘብል፡ መሰልቶምን፡ ባዕሎም ዝሰንዕዎ ኮምኒቶምን ጥራሕ ክኣትውዎ ዝተሓጽረ፡ ገለ ኢሎም ከይህልዉ'ሞ ከየሕፍሩኒ፡ ይኽደነኒ።

ኣዕርየ ዘረጋግጸልኩም ግን ዋላ ገለ ክብሉ እንተደፈሩ፡ ንጽቡቅ ከምዘይከውንን ሕሉፍ ታርኾም ዘርጋግጾ ምስክር እዩ። እመኑኒ። እቱም ህዝቢ ሎሚ "እመኑኒ" እመኑኒ ኢልካ'ኳ ዝኣምነካ ተረኺብካ። ምኽንያቱ ንመን ሰሚዕካ ናይመን ክትገድፍ፡ ናይመን ነጺግካ ናይ መን ክትእምን።

ኩሉ ኣብ ሰባኽያን ተቐይርሉ ኣብዘሎ መዋእል ሰለዘሎና፡ ዕደመ ንፈይስቡክን ካልእን፡ ዝእመን ዝመስል ቀጥታ ብዝመሓላለፍ፡ ኣብ መኪናኻ፡ ኣብ ዓራትካ፡ ዋላ ምስ መጻምድኻ ተሓናጊርካ፡ ኣብ ቤት ሽንቲ ፡ ኣብ እንዳሻሂ፡ ዋላ ኣብ ዓራት ሆስፒታል ደቂስካ ኮታ ካብዝጠዓመካን ካብዝኾነን ሓበሬታ ክትፍኑን ክትብትን ክትዘሩ ክትዝርግሕ ዝከኣል ስለዝኾነ። ብብዝሒ ሓበሬት'ዶ ንበሎ፡ ሓሶት፡ "ብርቦጋንዳ" ወይ "ሽውሽራ" ክሳብ ኣእዛና ተሸኺልና ዘውጽኣና ኪኢላ ስኢና፡ ክንሰጥም ቁሩብ እዩ ተሪፉና ዘሎ። ይሰውረና እዩ ዘብል። ምስዘውጸአ የውጽኣና።

ብዝኾነ ነቶም ተሓቢኦም፡ ዝግ ክብል ንዝቐረበ ማይ ዝበትዑን፡ ህድእ ንዘብል ዋጭዋጭታ ከለዓዕሉ ዝቑዝሙን፡ ዝቕህም ሓዊ ክላባዕ ዘሳውሩን፡ ክሰምሩ ንዝተቃረቡ ኣሕዋት ዘናኽሱን ይኣክል ስለዝበሎም፡ ኣቶ ኣማኒኤል ሓደ ስጉሚት ኣምሊጥሎም ኣሎ።

እወ ሰማዒ እዝኒ እንተረኺቡስ ይኣክል፡ ክንደይ ግዜ ኣብ ንቕጽናን ቅርሕንትን ክነብር ይብሎም ኣሎ። ብገዛእ ፍቃዱ ብዘይጸቅጢ፡ ነቀፌታኡ ተቀቢሉ ኣሎ። ወይ ተናሲሑ'ዶ ንበሎ። ድሕሪ ምንሳሕ ምቕራብ ኢዩ። ድሕሪ ምቕራብ ትኽ ኢልካ ኣብ ዝፋኑ፡ በቲ የማን ትቕመጥ። ኣብ ገነት ማለት እዩ።

ንእግረ መገደይ ዘስተበሃልክሉ፡ የማናውያን ጻድቃናት እዮም ማለት እኮ እዩ። ጸጋማውያን ግና ኣብቲ ገሃነመእሳት ክድርበዩ ማለት እዩ። ምርጭኦም እዩ። መን ብጸጋም ኮፍ በሉ ኢልዎም። ምእንታና ምእንቲ ኩሉ ፍጡር ተስቑሉ ኣድሒኑና መሲሉናስ ተደናጊርና ጸኒሕና። ገና ኣይደሓናን ዘሎና። ከምኡ እንተዘይከውን እቲ ኩሉ ኮለል መኣስ መድለየና። ክንምልኦን ክንቅጽሎን ከነሐድሶን ክንከፍለሉን ግድን እዩ። ስለዝኾነ ካኣ እዮም ኣቕሽሸቲ ሰንበት መጸት ተናስሑ፡ ተዳለዉ፡ ቁረቡ እናበሉ ዓረር ዝብሉ።

ኣቶ ኣማኑኤል ነብሱ ክነቅፍ ደንጕዩ'ዶ? ነታ ክፍእት ዓብዒባ ብዓቢይ እምኒ ተጸቕጣ ዘላ ጉድጓድ፡ መለኪኖ ኣእትኹም ክትፍትሹ እኮ እየ ቁሩብ ፍንቅቕ ዘብለልኩም ዘለኹ። ሰብ ምኺነይ መኣስ ተሪፉኒ! ሰብ ምሉእ ኣይኮነን'ዶ ኣይበልኩምናን። ዋጋ ምድንጓይከ እንታይ ኮን ይኸውን? ብዓልኹም ፍረዱ። ከምቲ ኣቦይ ቀሺ ዝብልዎ እንተኾይኑ፡ ጌጋ ይኽለእለይ እምበር ሓሊፍዋ እዩ። ወይለናድኣ ከምቲ ናቱ ዘይደፈርና እምበር።

ዋላ እኳ እቲ መልእኽትን ነቀፌታን ብዛዕባ ገዛእርእሱ ጥራሕ ይምሰል እምበር፡ እቲ ዝሓለፈ ጉዕዞ 'ሓይለ-መልጢ' ፡ ኣቲ ዝበሎን ዝኸውን ዝነበረን፡ ኮታ እቲ ናቱ ወይ ናተይ ኢሉ ዘቕረቦ ተመኩሮ ናይ ብዙሓት ዘለውን ዝሓለፉ ተሞክሮን እዩ። ንሱ ካብቲ ዓዘቕቲ ውጺኡ እዩ። ገለ ግን ገና ኣብኡ ተሸኺሎም ኣለው። ስለዚ ጌታ ቡራኸተ-ኣማኑኤል የካፍልኩም እናበልና ከኣ ክንጽልየሎም የድሊ። ጸልዩ ንድሕነት ኩሉ እዩ፡ ዝእዝዘና።

እሞ ጠሊሙና ከይብሉኒ ከይበለን ደፊሩ፡ ብፍላይ እቲ ኣሉታዊ ዝብሎ ተሞክሮታቱ ምግምጋሙ ኣገናዕ እብሎ። ጉድለትካ ምቅባል እቲ ዝዓበየ ትብዓት ደቂሰባት ኢዩ። ኣብ ፖለቲካ ኤርትራውያን ግን ምስ ሞት እያ ትዳረግ! ተጋግየ፡ ተጋጊና ነይርና በዚ መገዲዚ መሕለፊ ከምዘሎ ኣይፈለጥኩን ወይ ኣይፈለጥናን ኣይትወጸናን እያ። እንታይ ምኳኑ ኣይፈልጥን እምበር፡ ከም ዓጽሚ ኣዳም ኣብዛ ጎረሮና ልሕግ ኢላ ኣይንላዕሊ ኣይንታሕቲ እያ ተሸግረና። ምሕረቱ የውርደልና።

ድሕሪ ምስሓበርካዮ እወ በኣ መንገዲ ከምዘላዳኣ እፈልጥ ነይረ እየ'ኮ ይብለካ። ግን በዚኣ ናብኣ ትሕውስ ኣቛራጭ ዘለዋ መሲሉኒ እምበር ኢሉ፡ ብምኽኒት ንጌጋኡ ክሽፍን ይበላሓት። ጃጃዊ! እስከ እንታይ ኣለዎ ንሳስ ኣይፈለጥክዋን ነይረ እንተበለ። እንታይ ይጎድሎ በቲ ንስኻ ዝራኣኻዮ ኣይራኣኽዎን፡ ሓቅኻ ተጋግየ ነይረ እንተበለ። እንታይ ኣለዎ! እንታይ ይጎድሎ! እንታይ ይንከዮ! እንታይ.........እስከ እንታይ...ብጀካ ትብዓት ንጉድለታትካን ካብ ጌጋኻ ምእራምን ምግጣምን? ጉድለታትካ ኣስተባሂልካ ምትዕርራይን ምምልላእን።

እቲ ሕሉፍ ብዘየገድስ፡ እቶ ኣማኒኤል በዚ መዳይ እዚ'ኳ ዓቢዪ ኣብነት ኮይኑና ኣሎ። ከምኡ ብምግባሩ ሕጂ ካብ ኩልና ንላዕሊን፡ ኣብዛ ሰዓት እዚኣ ኣብ ሂወቱ ቅሱንን ኩሉ ጽዕነቱ ኣራጊፉ ከምዘሎ'ኳ ካብታ ናይ መደምደምታ ሕታሙ ክትግንዘብ ይከኣል። ንሱ፡ ኩሉ ምስወደኣ "ሕጂ ሞት ከም ኣዳም" ኢሉ'ዩ ዛዚሙ። በቃ ፍኹስ ኢልዎ።

ብጀካ ጀብሃ ምንባሩ፡ ዝፈልጦን ዝሃበናን ድሕሪባይታ ስለዘየለ፡ እንታይ ምንባሩ፡ ኣበይ በቒሉን ብዘየገድስ፡ እቲ ናይ ኣስታት 50 ዓመታት ገለ ናይ ገድላዊ ተሞክሮኡ ገሊኡ ድማ ብቃላቱ "ኣብ ተቃውሞ" ዘሕለፎ ጉጉይ ጉዕዞ ገምጊሙ ኣሎ። ፈቲኹም ጸሊእኩም፡ ተቐበልዎ ኣይትቀበልዎ ብፍላይ ነቶም መዘናታቱ ዓቢ ትምህርቲ እዩ። ደጊመ ኣገናዕ 'መንግስቱ'!

ነዛ ዝጽሕፋ ዘለኹ እኳ ድሕሪ እቲ ዝቐረጽካዮ ምስ ስማዕኩ እየ ክጽሕፋ ወሲነ። ግን ካኣ ቁሩብ ተጸቢየ። እታ መበል 11 ዝበልካያ ክሰምዓ ስለዝደለኹን ክትራ ከይመስልን። ተሰፋ እገብር ከተርክበኒ። ማዕረማዕሪኡን በቲ ካልኣይን ከኣ እቶም ለባማትን ሊቃውንትን ገለ ተበሉ ሓሲበ። ወስ ዝበለ ኣይራእኹን። መን ይፈልጥ መዳፍርቲ እንተኾንኩዎም ።

ኣቀዲመ ክሕብረካ ዝደሊ ግን ኣብ ዝቕጽል ብዙሕ ክብል እየ። ኣነ፡ ንስኻ፡ ንሕና ንሳቶም ምባል ነቲ ጽሑፍ መቐርት ክህብን መገልጽን እምበር ብዝኾነ መንገዲ ንዓኻ ብፍላይ ከጥቅዕ ወይ ከነኣእስ ከምዘይኮንኩ ደጊመ ክሕብረካ ይፈቱ። ከይትርስዑ ኣርእስቲ ሎሚ እንታይ ኢዩ? እወ ንቐጽል በሉ።

ይቕጽል.....ኣብ ዝቕጽል የራኽበና

ዓወት ንሓፋሽ